“Eritrea at a Crossroads:
A Narrative of Triumph, Betrayal and Hope”

www.eri-platform.org

# ምዕራፍ 15

# ክእለ ዚከኣል ዚነበረ ኵናት

*ኪውገድ ዘይከኣል ኲናት የለን። ኲናት ካብ ፍሽለት ሰብኣዊ ልቦና ኢዩ ዚመጽእ።*
*- ኣንድሩ ቢ. ሎው*

ሕቶ ሰላምን ኲናትን ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድሕሪ ናጽነት ኣብ ***ምዕራፍ 15፥-ክእለ ዚከኣል ዚነበረ ኲናት*** ይግለጽ። እዛ ምዕራፍ’ዚኣ ነቶም፡ ቅድምን ድሕርን እቲ ኲናት፡ ኣብቲ ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት ዚተሓንጸጸ ዶብ ብምስምማዕ ነባሪ ሰላም ንምርግጋጽ ዘኽእሉ ዚነበሩ ብዙሓት ዚባኸኑ ዕድላት፡ ተዘኻኽር። ኣስዒባ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሰብ-ኪዳን-ነበር ናብ ዘየድሊ ኲናት ገጹ ዚኸይድ ዚነበረ ሽታሕታሕ፣ ነቲ ሰብኣዊ ትራጀዲ ናይቶም ጥርዝያታት፣ ነቲ ኣመዓባብላን ዕንወትን ናይቲ ኲናት፣ ነቲ ተጻብኦታት ንምቍራጽ ዚተኻየደ ኣህጕራዊ ጻዕርታት፣ ትዝርዝር።

እዛ ምዕራፍ’ዚኣ ንዛንታ ምብትታን ናይቲ ብውጡር ታሪኽ ናይ ወራር፡ ኲናትን ግጭትን ዚልለ፣ ጥንታዊ፡ ኵሉ-ተንከፍን ግድላውን፣ ሓሓሊፉ በቲ ኣብ ወሰናስን ናይቲ ናይ ሓባር ዶብ ዚተዘርግሐ፡ ዚተወሳሰበ ሓባራዊ ነገዳውን ባህላውን ምትእስሳር ዚጽሎ፣ ብናይ ቀረባ ሓባራዊ ቍጠባውን ስትራተጂያውን ረብሓታት ዚተኣሳሰር፣ ዝምድና ተዘንቱ። ብተወሳኺ፡ እቶም ብዙሓት ኣዕኑድ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ከም ውሻላት ናይ ነባሪ ፖለቲካዊ ምትሕግጋዝ፡ ደረኽቲ ቍጠባዊ ውህደትን መልሕቕ ዞባዊ ሰላምን ጸጥታን፡ ንምግልጋል ዘለዎም ተኽእሎ ተረጋግጽ።